**<u>ቅሉዕ መልእኽቲ</u>**

**ንክቡራት ኣባላት ተ.ሐ.ኤ. ሃገራዊ ጉባኤ**
**ኣሕዋት ዓብደላን ሐሰን፣ ገብሩ ሐጎስ፣ ዓሸራን ።**

**ዝኸበርኩም ኣሕዋት፡-**

**ኣቐዲሙ ዕዙዝ ዝኾነ ሕውነታዊ ሰላምታይ ተቐበሉ። ብምቕጻል ብዛዕባ'ቲ 6ይ ውድባዊ ጉባኤ ተ.ሐ.ኤ. ሰ/ባይቶ ንምዕባሌን ተረኺቦን ናይ 2003 ዓ.ም. ኣመልኪቱ፣ ኣብ ደምዳሚ ኣዋጁ ዘሰፈሮ ብምልዓል ዝሃብኩሞ ትዕዝብቶታት ብጽሞና ኣንቢበዮ። ትሕዝቶኡ'ውን ብግቡእ ተገንዚበዮ።**

**እቲ ንነዊሕ ናይ ቃልሲ ዕድመ ብሐደ መትከላዊ ዕግበትን ሕጋዊ ትካላትን ተጠሚሩ፣ ንኹሉ ዘጋጥም ዝነበረ መሪር ናይ ቃልሲ መኸተን ተጻብኦን ብትብዓት ሰጊሩ፣ ዕዙዝ ሐባራዊ ታሪኽ ዝሰርሐ፣ ውድብ ተ.ሐ.ኤ. ሰ/ባይቶ፣ ኣብ 2003 ዘጋጠሞ ናይ ምፍላልይ ተረኺቦ፣ ግደፍ ንኣባላቱ ንማንም ደላይ ለውጢ ዝኾነ ሰብ ኣዝዩ ከምዘሕዘኖን ከምዘሰንበዶን ናይ ትማሊ ትዝታ ኢዩ።**

**እቲ ዘጋጠመ ተረኺቦ ነቲ መዋእሉ ምሉእ ኣንጻር ባዕዲ ንነጻነት ከይሰልከየ፣ ድሕሪ ነጻነት'ውን እንተኾነ ንምልካዊ ሐዲሽ ኣርዑት ጸሊኡ ዓደቦኡ ከይረአየ፣ ተቓሊሱ ሰረት ደሞክራሲ ከረጋግጽ ዝመረጸ ኣካላትና ጥራሕ ኣይኮነን ተንኪፍዎ። የግዳስ ናቱ ኣሉታዊ ሳዕቤን ብጠቕላላ ንመደበር ኤርትራዊ ዓውደ ተቓውሞ'ውን እንተኾነ ጸልይዎ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ኣዳኺምዎ'ውን ክንብል ንደፍር።**

**ከም ውጽኢት ናይ'ዚ ኣሕዛኒ ተረኺቦ'ዚ ከኣ፣ ህልውና ክልተ ርእሱ ዝኸኣለ ውድባት ተኸሲቱ፣ ካብ ሕድሕዱ ነጻ ህልውና ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ናቱ ኣሰራርሐን ኣመራርሐን ኣማዕቢሉ ከኣ ተጓዒዙ። ኣቐዲሙ ናይ ተ.ሐ.ኤ ሃ/ጉባኤ፣ ቀጺሉ ከኣ ኣብ ዝሐለፈ ቀረባ መዓልታት ናይ ውድብ ተ.ሐ.ኤ. ሰ/ባይቶ ውድባዊ ጉባኤታት'ውን ተኻዪዱ።**

**ብመሰረቱ ትርጉም ናይ ጉባኤ፣ ንዝሐለፈ ኣወንታዊ ይኹን ኣሉታዊ ተመኩሮታትካ ገምጊምካ ሚዛን እተቐምጠሉ፣ ካብኡ ተማሂርካ ከኣ ንመጻኢ ዘገልግለካ ኣተሐሳስባን ሐዲሽ ኣሰራርሐን እትሕንጽጸሉ መስርሕ'ዩ። ነዚ ምርኩስ ብምግባር ከኣ ተ.ሐ.ኤ. ሰ/ባይቶ ኣብ መንጎ ክልተ ጉባኤታቱ ዝነበረ እዋናት ዘጋጠመ ተረኺቦታት ክግምግምን ሚዛናቱ ክንብርን ውሁብን ባህርያዊን ድአ ነበረ። ኣብ ጉባኤኻ ንዝሐለፍካዮ ተመኩሮታት ኣልዒልካ ሚዛን ኣቐሚጥካ ምሕላፍን፣ ናይቲ ዝሐለፈ ምዕራፍ መዛዘሚ ዝኾኖ ደምዳሚ ገምጋም ብምሃብ፣ ናብ ሐዲሽ መድረኽ ምስጋርን፣ ከም ኣብ ቅርሕንትን ድርቅናን ምንባር፣ ከስምዕ ኮነ ክትርጎም ከቶ ዝግባእ ኣይመስለኒን። ንስኻትኩም'ውን እንተኾነ ብወገንኩም ኣኼባታትኩም ኮነ ጉባኤኹም**

ብምግባር፣ ናይ ዝሐለፈ ተመኩሮ ብምልዓል፣ ቅኑዕ ኢልኩም ዝአመንኩሙሉ ኣብ ልዕሌና ሚዛንኩም ክም እተቐምጡ ርዱእ ጉዳይ ኢዩ። ብወገንና ባህ ዘየብለና ዘይቅቡል ግጉይ ኰይኑ ክሰመዓና ይኽእል'ዩ። ግን'ከ ክትመዝኑን ዝመሰለኩም ክአ ክተቐምጡን ምሉእ መሰልኩም ኢዩ። ንሕና'ውን ነዚ መሰል'ዚ ተጠቒምና ኢና ኣብ ጉባኤና ሚዛንና ዘቐመጥና። ንዝሐለፈ ክውንነት ሚዛንና ስለዘንበርና'ስ፣ ናብ ቂምን ቅርሕርንትን ተምርሑ ኣለኹም ዝብል እንተሎ ግን ብሓቂ ናይ ተረድኦ ጸገም ኣሎ ጥራሕ ኢና ክንብል እንኽእል።

ክቡራት ኣሕዋት!

ሓልዮትኩም ብሓቂ ንሓድነትን ምቅርራብን እንተኾይኑ፣ ብኸምዚ እንተዝቐርብ ክምዚ ክአ እንተዝብሃል ምሓሸ ነይሩ ኢልኩም ሃናጺ ርእይቶ እንተትህብሉ'ስ ክንደይ ኮን ምማዕረገ። ንዝሐለፈ ተረኽቦታት ውድባዊ ሚዛንኩም ክትህቡን ክተስፍሩን ኣይነበረኩምን ብዘስምዕ ምጽሓፍኩም ግን ግጉይ ኢዩ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ንመሰልና'ውን ዝግህስ ብምዃኑ ዘይቅቡል ኢዩ። ምኽንያቱ ንሕናን ንስኻትኩምን ኣብቲ ፍሉይ መድረኽ'ቲ ክልተ ዝተፈላለየ ኣናብባን ኣመለኻኽታን ናይቲ መድረኽ'ቲ ስለዝነበረና'ዩ ክልተ ውድብ ዝኾንና። ብዛዕባ'ቲ መድረኽ'ቲ ክልተ ዝተረሓሓቐ ሚዛን ክህሉ ክአ ባህርያዊ ኢዩ።
ነዚ ምርኩስ ብምግባር ክአ'ዩ ጉባኤና ንስኻትኩም ነቲ ዝነበረ ናይ ሓባር ስምምዕ ጥሒስኩም ክምዝኸድኩም መዚኑ፣ ነዚ መሰረት ብምግባር ክአ ሓላፍነት ኣሰኪምኩም።

ብወገንኩም ካብ ናትና ዝተፈልየ፣ ናትኩምን ንዓኹምን ዘዕግብ ሚዛን ክህልወኩም መሰልኩም ኢዩ። ብእትገብርዎ ሚዛን'ውን ክንቁጣዕ ኣይግባእናን። ንሕሉፍ ኣልዒልና ሚዛን ብምውሳድና፣ ክም ቂምን ቅርሕንትን ቆጺርኩም ብነድሪ ምግላጽኩም፣ ብዛዕባ ዝሐለፈ ተመኩሮ ግዙታት ኢኹም ኣይትዛረቡ ዝብል ገደብ ክም ምግባር'ዩ ዘስምዕ። እዚ እንተኾይኑ'ሞ ክአ ንግሉጽነት ፈጺሙ ዝጻረር፣ ንመጻኢ ምቅርራብና'ውን ዓንቃፊ ኣንፈት ዘለዎ ኢዩ። ንኹላትና ክአ ዘርብሕ ኣይኮነን።

ብዘይቃል ዓለም ኣቀራርባኹም ሃናጺ ኣይኮነን ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ናብቲ ወርቃዊ ጊዜን ምቹእ ዕድልን ብኸንቱ ዝበልዔን፣ ናብቲ ዝተሰግረ ሐርፋፍ መድረኽ ዝመርሕን ዝመልስን ኢዩ። ብወገንና ንቕድሚት ኣማዕዲና ክንርኢ'ምበር ናብኡ ገጽና ክንምለስ ፍቓደኛታ ኣይኮናን። ንዓኻትኩም'ውን ኣማዕዲኹም ንቕድሚት ክትጥምቱን፣ ዝሐለፈ ንታሪኽ ሓዲግና ኢድ ንኢድ ተተሓሒና ነቲ ዝተረፈ ህዝባዊ ዕማም፣ክምቲ ናይ ጥንቲ ኣጀማምራና ሐቢርና ንኽንዛዝሞ ነማሕጽነኩም። ኩሉና ነዚ ሰጊርና ንህሉውን መጻእን መድረኻት ዘገልግል ሐሳባት እንዳተቐባበልና፣ ንቕድሚት ገጽና ድኣ ንኺድ። ጊዜ'ውን ናቱ ሕግታት ስለዘለዎ ኣይጽበየናን'ዩ፣ ክይሰራሐልና ተቐላጢፍና እንተሰራሕናሉ ይሓይሽ።

ክቡራት ኣሕዋት!

ንሕና ንዝሐለፈ ሚዛን ጌርና ኣሎና። ንስኻትኩም'ውን ሚዛንኩም ግበሩ። ክልቲኡ ሚዛናት ክአ ንታሪኽን ተመራመርቱን ሐዲግና፣ ናብቶም ዓይኖም ኣፍጢጦም

ንፍታሕ ዝጽበዩና ዘለዉ ናይ'ዚ እዋን'ዚ መድረኻዊ ዕማማት ኣብ ምግጣም ዘ'ክእሉና፣ ናይ ሓባር ዓ'ቕሚታትና ኣዋሊልናን ኣሐይልናን ሃየ ንበገስ።

በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ክብሎ ዝደሊ ናይ ተ.ሐ.ኤ. ሃ/ጉባኤ ዝለዓሉ መሪሕነቱ ኣብ 6ይ ጉባኤ ተ.ሐ.ኤ. ሰ/ባይቶ ምስታፎም ኣድናቖተይ ብምግላጽ፣ ናይ ክብሪ ሰላምታን ምስጋናን ነዚ ኣጋጣሚ'ዚ ተጠቒመ ከመሓላልፈሎም ይፈቱ።

ተስፋይ ተ'ኽለ
ሳን ድየጎ - ካሊፎርኒያ
13 ነሓሰ 2006